ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብመደብ ጥሙር ማሕረስ 600 ኩንታል ስምስም ክዝራእ እዩ።

-----------0----------

ኣብዚ ዓመትዚ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ንኡሳን ዞባታት ጎልጅ፡ መጎሎ፡ ጎኘ፡ ሃይኮታ፡ ሻምብቆን ላዕላይ ጋሽን ብመደብ ጥሙር ማሕረስ 600 ኩንታል ስምስም ክዝራእ እዩ።

እቲ ዝዝራእ መሬት ሓደ ሽሕ ሄክታር ኮይኑ ካብ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ብልዕሊ 100 ትራክተራት ብምሕራስ ድሉው ከምዝኾነን ኣብ ወርሒ ሓምለ ክዝራእ ከምዝጀምርን ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ስምስም ምዝራእ ሓያል ጻዕርን ጉልበትን ዘድልዮ ምኳኑ ተገንዚቡ ስምስም ንዝዘርኡ ሓረስቶት ንመጽሃዪን መዕጸድን ዝኸውን ካብ መንግስቲ ናይ ገንዘብ ልቓሕ ክወሃቦም ጠለብ ኣቕሪቡ ከምዘሎ እቲ ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

ብዘይካ እዚ ሎሚ ዓመት ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ልዕሊ 40 ሽሕ ሄክታር መሬት፡ ማሽላ ንምዝራእ፡ ንማይ ዝጻወርን ብማሽን ዝጉናእን 3 ሽሕ ኩንታል ዘርኢ ማሽላ ንሓረስቶት ብነጻ ይዕደል ኣሎ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ኣብርሃ ጋርዛ ንመደብ ጥሙር ሕርሻ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብሰንኪ 3ይ ወራር ወያነ ዝበዝሐ ከባቢታት ከይተሓርሰ ከምዝጸንሐ ጠቒሱ፡ ሎሚ ዓመት ከምቕደሙ ብዝሰፍሐ ክዝራእ ምኳኑ ገሊጹ። ሓረስቶት እቲ ዞባ ድማ ነቲ ተታሒዙ ዘሎ መደብ ጥሙር ማሕረስ ንምዕዋት ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክተሓባበሩን ምድላዋት ክገብሩን ተላብዩ።

*****ኣ.ዜ.ኤ******